# ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ወሳኒ'ዩ!!

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ደቂ ኣንስትዮ ከም ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣይኦ ጅግንነታዊ ቅያታት ክዕቖብ ዝግብኦ ዘኩርዕ ታሪኽ ምዃኑ ይኣምን። ግደን ኣበርክቶን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምዕዋት እቲ ዝሓለፈ ታሪኻዊ ሃገራዊ ዋዓላ'ውን ዓቢ እጃም ከምዝነበረ ይዝኽር። ሕጂ'ውን ኣብዚ ብርቱዕ ሃንቀውታ ዝግበረሉ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤን ምቅልጣፍ ደሞክራስያዊ ለውጥን ብዘይተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ዕውት ክኸውን ከም ዘይኽእል ይግንዘብ።*




*ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብዚ ጽኑዕ እምነት ብምብጋስን፡ ነቲ ዝሓለፈ ኣውንታዊ ተመክሮ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ግምት ብምእታው ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብውሑዱ 30% ክኸውን ምውሳኑ ዝፍለጥ'ዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባብን ቦታ ምርጫታትን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ወሳኒ ምዃኑ ብምእማን ጥራይ ዘይኮነስ ኣገዳስነቱ ብምርዳእ፡ ብትኩረት ክሰርሓሉ ይሕብር።*

*በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ርእሰ ኣኽእሎ ጋህዲ ንምግባርን፡ ሓባራዊ ትልሚ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ዜጋታት ነቲ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ታሪኻዊ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ኩሉ ዓቕምታቶም ዝፍቕዶ ህጹጽ ቍጠባዊ ሓገዝ ከበርክት ሃገራዊ ኮምሽን ይጽውዕ። እቲ ዝበርከት ቁጠባዊ ሓገዝ ኣብ ከባቢኩም ንዘለዉ ኮምሽነራት ወይ ተሓጋገዝቲ ህዝባዊ ሽማግለታት ክወሃብ ወይ'ውን ኣብ ዕላዊ መርበብ ሓበሬታ ሃገራዊ ኮምሽን [www.encdc.com](http://www.encdc.com) ብቀጥታ ወፈያኩም ክትሰዱ ከምትኽእሉ ይሕብር።*

**ሎሚ'ውን ብርእሰ-ምትእምማን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ክንረባረብ ኢና!!
ኣብ ኤርትራ ምልኪ ፈሪሱ ሕጊ ይንገስ!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!!**

***ፈጻሚ ኣካል
ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ
10 ጥቅምቲ 2011
[WWW.ENCDC.COM](http://WWW.ENCDC.COM)***